ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ

الجبهة الديمقراطية الثورية الارترية

**ERITREAN REVOLUTIONARY DEMOCRATIC FRONT**

# ደምዳሚ መግለጺ፡ 3ይ-ስሩዕ ኣኼባ ማ/ሸማግለ፡ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡

ማእከላይ ሽማግለ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)፡ መበል 3ይ ስሩዕ ኣኼብኡ ካብ 09 ክሳብ 11 ሕዳር 2024 ኣካይዱ። ኣኼባ ዝተኻየደሉ ኩነታት፡ ብደረጃ ዓለም፣ ዞባ፣ ከባብን ሃገርናን ፍሉይን ተኣፋፍን ኣብ ዝኾነሉ እዋን እዩ። ማ/ሸማግለ፡ ኣብ ፖሎቲካዊ ኩነታት ከባቢናን ሃገርናን ፍሉይ ኣትኩሮት ሂቡ ዘትዩ። ከባቢና በብእዋኑ ብቅልውላው እናተሓመሰ፡ ህዝብታት ኣደዳ ምፍንቓል፣ ሞትን ዘየቋርጽ ስግኣትን ይኾኑ ምህላዎም ርእዩ። ከም ውጽኢቱ፡ ኣብ ልዕሊ ህዝብታት ኤርትራ ዘዕርፎ ዘሎ ኣሉታዊ ጽልዋ፡ እናኸበደ ይኸይድ ምህላዉ ኣስተውዒሉ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ካብ ጸረ ሰላምን ጸረ ዲሞክራስን ባህርያቱ እናተበገሰ፡ ነዚ ከባቢ በብእዋኑ ብምሕማስ፡ ኤርትራውያን ኣብ ገዛእ ሃገሮም ተኸቢሮም ዝነብሩሉ ዕድል ምሕራም ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ናብ ዝኸፍአ ሓደጋ ስደት እናተቓልዑ፡ ኣደዳ ሞት ማእሰርትን ግዳይ መሰጋገርቲ ደቂ ሰብን እናኾኑ ምጽንሖም ገምጊሙ።

ማእከላይ ሽማግለና፣ ንኩነታት ሃገርና ኣብ ዝጠመተ ሰፊሕን ዓሚቝን ገምጋሙ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ብዘይ ቅዋም ሃገርን ህዝብን ኤርትራ እናገዝአ ክሳብ ዝቐጸለ፡ ውሽጣዊ ሰላምን ርግኣትን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ዞባውን ከባብያውን ርግኣት ክህሉ ኢልካ ዘይሕሰብ ምዃኑ ኣስሚሩሉ። ህዝብታትና ኣብ ገዛእ ሃገሮም ፖሎቲካዊ ይኹን ማሕበረ ቁጠባዊ ለውጢ ከረጋግጹስ ይትረፍ፡ ሃገራዊ ሓድነቶም በብእዋኑ እናላሕለሐ፡ ነጻነትን ልዑላውነትን ኤርትራ ናብ ዝኸፍአ ሓደጋ እናወደቐ ይኸይድ ምህላዉ ገምጊሙ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ በብእዋኑ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ጎረባብቲ ሃገራት፡ ኢዱ ብምእታው፡ ዝተፈላለዩ ልፍንቲታት እናወደበ፡ ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ኣብ ዘካይዶ ወፍሪ፡ ካብ ልሙዳት ዲፕሎማስያዊ ዝምድናታት ሃገራት ወጻኢ፡ ንልዑላነትን ነጻነትን ሃገርና ኣብ ሓደጋ ዘውድቑ መብጻዓታት እናኣተወ፡ ዝተሳዓረ ጥሙሕ ሕሉፋት ገዛእትና ዳግም ሂወት ክዘርእ ብምግባር፡ ኣብ ልዕሊ ወደባትናን ኣፍ-ደገ ቀይሕ ባሕርናን፡ ካብ ዓለም ለኻዊ ውዑል ኣገልግሎት ንላዕሊ፡ ሕቶታት ክላዓዓልን፡ ናብ ዳግም ኲናትን ዕንወትን ዘምርሕ፡ ሓድሽ ቅልውላው ከንጸላሉ ይገብር ምህላዉ ገምጊሙ።

ማእከላይ ሽማግለ ውድብና፡ ንኹሎም'ቶም ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ልዕሊ ሃገርና ዘንጸላልዉ ዘለዉ ሓደጋታት፡ ቀንዲ ተሓታቲ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ምዃኑ ኣስሚሩሉ። ይኹን'ምበር፡ ቅዋም ዘይገዝኦ ርእሰ ፋሽስት ኢሳያስ ብዝኽተሎም ግጉያት ፖሊሲታት ምኽንያት፡ ካብ ሕጋውን ሰላማውን መንገዲ  ወጻኢ፡ ከም ግብረ መልሲ፡ ኣብ ልዕሊ ወደባትናን ኣፍ-ደገ ባሕርናን ዝዋደድ ተጻብኦ፡ ተቐባልነት ከምዘይብሉ ዘለዎ ጽኑዕ እምነት ኣረጋጊጹ፣ ልዑላውነትን ነጻነትን ሃገርና ዘኽብር፡ ትግባረ ፍትሓዊ ተጠቃምነት ኣገልግሎት ወደባትናን ኣፍ-ደገ ባሕርናን ንምኽታል፡ ተሓባቢርናን ተኸባቢርናን ክንሰርሕ ከምዘድሊ ኣተሓሳሲቡ።

ማእከላይ ሽማግለ ውድብና ሰደግኤ፡ ፍሉይ ቱኽረት ሂቡ ዝዘተየሉ ኣርእስቲ፡ ኩነታት ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ እዩ። ኣብ ሞንጎ ደምበ ደለይቲ ለውጢ ኤርትራ፡ ኣብ ዘራኽቡና እዋናዊ ዕላማታት፡ ዓቕምታትና ኣዋሃሂድና ክንቃለስ ዘይምጽናሕና፡ ዕድመ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ምንዋሕ፡ ዝላዓለ ተራ ከምዘለዎ ኣቐሚጡ። ካብ'ዚ ብምውጻእ፡ ዓቕምታትና ንምጥርናፍ፡ ካብ ፈለማ ወርሒ ጥሪ 2020 ዝተጀመረ ዘተ፡ ክንደይ ሓፍ ዞቕ፣ ውጻእ ውረድን ደውታን ሓሊፉ፡ ኣብ ወርሒ ናሓሰ 2024 ዓ.ም.፡ ናብ ምቛም ሰፊሕ ጽላልና ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ(ፖሓኤ) ክሰጋገር ምብቅዑ፡ ከም ኣገዳሲ ታሪኻዊ ዓወት ከም ዝቕበሎ ኣረጋጊጹ። እዚ ድማ፡ ናይ'ቲ ንልዕሊ ኣርባዕተ ዓመታት ዝተኻየደ ዘይሕለል ዘተ፡ ባህሊ ምክእኣል፣ ምጽውዋር፣ ፍልልያትካ ኣማሓዲርካ ኣብ ዘራኽቡኻ ዕላማታት ሓቢርካ ክትሰርሕ ድሉው ምዃን፡ ጎሊሁ ዝተራእየሉ መስርሕ፡ ውጽኢት ምዃኑ ገምጊሙ። እዚ ተሞኩሮ'ዚ ምስ'ቶም ተሪፎም ዘለዉ

ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ተቐራሪብና፡ ናብ ዝሰፍሐን ዝደልደለን ሰፊሕ ሃገር ለኸ ጽላል ክንሰጋገር ዘብቅዓና መሳርሒ ቃልስና ብምዃኑ፡ ክዕቀብን ክምዕብልን ዘለዎ ምዃኑ ኣመልኪቱ።

ውድብና ሰደግኤ፡ ካብ ፈለማ ጥሪ-2020 ዓ.ም. ኣባል ኤርትራዊ ሃገራዊ ግንባር(ኤሃግ)፡ ካብ ሕዳር 2021 ንደሓር ድማ፡ ኣባል ኤርትራዊ ስሙር ሃገራዊ ግንባር(ኤስሃግ) ኮይኑ፡ ናብ ዝሰፍሐ ሃገራዊ ጽላል ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ንምስግጋር፡ ብዓቕሙ ዕቱብን ዘይሕለልን ጻዕሪ ከምዘካየደ ማ/ሸማግለ ገምጊሙ። ምቛም ሰፊሕ ጽላልና ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ(ፖሓኤ) ኣገዳሲ ስጉምቲ ንቕድሚት፡ ኣብ ምጥርናፍ ደለይቲ ለውጢ ኤርትራውያን ብምዃኑ፡ ከም ናይ ሓባር ቃልስና ውጽኢት መጠን፡ ክንከናኸኖን ብዝበለጸ ክሰፍሕን ክሕይልን ክንቃለሰሉ ከምዝግባእ ኣስሚሩሉ።

ውድብና ሰደግኤ፡ ከም ኣባል ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ(ፖሓኤ)፡ ፖሎቲካዊ ቻርተርን ውሳኔታትን ፖሓኤ ኣብ ምዕዋት፡ ብሕገ ህንጻ ፖሓኤ ተጠርኒፉ፡ መሰላቱን ጉቡኣቱን ኣዋሃሂዱ ክቃለስ ዘለዎ ድሉውነት ኣረጋጊጹ። ውድብና ሰደግኤ፡ ከም ኣባል ውድብ ኤስሃግ፡ ንከባቢ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ዘካየዶ ቃልሲ፡ ኣብ'ቲ ብዙሓት ጸገማትን ብደሆታትን ዘሕለፍናሉ እዋን፡ ምስ ማሓዙቱ ኣባላት ውድባት ኤስሃግ ተቐራሪቡ ክቃለስ ዝጸንሐ ብምዃኑ፡ ኣብ መሰረታትን ካድራትን ኣባላት ውድባትና ዝተፈጠረ ጥዑይ ናይ ቃልሲ ዝምድና፡ ኣብ ክሊ ሰፊሕ ጽላልና ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ(ፖሓኤ) ተጠናኺሩ ክቕጽል፡ ኩሉ ዝከኣሎ ጻዕርታት ከካይድ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

ማእከላይ ሽማግለና፡ ኣብ 3ይ ስሩዕ ኣኼብኡ፡ ውድብና ሰደግኤ፡ ቀዳማይ ጉባኤ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባርና ኤስሃግ፡ ንምስልሳል ይኹን፡ ብመንገዲ ዋዕላ ሰፊሕ ጽላልና፡ ፖሎቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ንምምስራት፡ ኣብ ዝተኻየደ ሓባራዊ ቃልሲ፡ ዝነበሮ ተራ ብሰፊሑ ገምጊሙ። ዝነበሩዎ ኣወንታዊ ጎድንታትን ሕጽረታትን ፈልዩ ርእዩ። ንሓያላት ጎድንታቱ ከም ውድብ ይኹን ኣባል ፖሓኤ፡ ዝያዳ ኣጠናኺሩ ክቕጽሎም፡ ዝነበሩዎ ሕጽረታት ድማ፡ ከይድገሙ ብንቕሓት ክቃለሶም ወሲኑ።

ማእከላይ ሽማግለ፡ ንሰፊሕ ማዕበላዊ ምንቅስቓስ መንእሰያት ኤርትራውያን-ብርጌድ ንሓመዱ ብዝምልከት ብሰፊሑ ገምጊሙ። መንእሰያት ብርጌድ ንሓመዱ፡ ኣብ ኣውሮጳ፣ ሰሜን ኣሜሪካን ሃገረ እስራኤን፡ ኣንጻር ፋይናንሳዊ፣ ማሕበረ-ኮማውን ዲፕሎማስያውን ማሓውራት ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ዘካየዱዎ ዘይሕለል ቃልስን ዝኸፈሉዎ መስዋእትን፡ ዘለዎ ኣኽብሮት ገሊጹ። ኣባላት ምንቅስቓስ ብርጌድ ንሓመዱ፡ ብሓደ ዝተነጸረ ናይ ሓባር ዕላማ፡ ኣብ ትሕቲ ምእኩል ኣማራርሓ ተማእዚኖም ክቃለሱ ዘሎ ተደላይነት ኣዝዩ ዕዙዝ ብምዃኑ፡ ልዑል ቱኽረት ሂቦም ክሰርሑሉ ኣዘኻኺሩ። ፖሎቲካዊ ውድባት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ፖሓኤ ድማ ብፍላይ፡ ነዚ ምንቅስቓስ'ዚ፡ ቅኑዕ ማእዝን ኣብ ምትሓዝ፡ ደገፉ ከበርክት ኣተሓሳሲቡ።

ማ/ሸማግለ ሰደግኤ፡ ኣብ ዝመጹ ሹዱሽተ ወርሓት፡ ውድብና ዝዓሞም ሓፈሻዊ መደባት ሓንጺጹ። ኣብ ክሊ'ቶም ዝመጹ ወርሓት፡ ከም ቀንዲ መደብ፡ ኣብ ምዕዋቱ ክኽተሎ ዘለዎ ኣንፈትን ኣፈጻጽማኡን ኣነጺሩ ኣቕሚጡ። ነዚ ቀንዲ መደብ'ዚ ብሓላፍነት ዘዋሃህድ ሽማግለ ወዲቡ። ከም ኣባል ውድብ ፖሓኤ፡ ክዓሞም ዝዋሃቡዎ መደባት ኣብ ምፍጻም፡ ኩሉ ዝከኣሎ ጻዕርታት ከምዘካይድ ኣረጋጊጹ። ክሳብ ዝመጽእ 4ይ ስሩዕ ኣኼባኡ፡ መዓልታዊ ንጥፈታት ውድብ ዝመርሑን ዘዋሃህዱን ኣባላት ፖሎቲካዊ ቤት ጽሕፈት መሪጹ።

ኣብ መደምደምታ፡- ኣባላት ውድብና፡ ኣብ ዝሓለፉ ጽንኩራት እዋናት፡ ህላወ ውድቦም ኣብ ምውሓስ ይኹን፡ ብፋይናንሳዊ ዓቕሚ ብምድጋፍ ንዘርኣዩዎ ልዑል ተወፋይነት፡ ማ/ሸማግለ ኣመስጊኑ። መጻኢ መደባትና ብሓፈሻ፡ ናይ ውድብና ቀንዲ ዕማም ኮይኑ ተቐሚጡ ዘሎ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ምዕዋት፡ ከም ልሙድ ብተወፋይነት ክቃለሱ ብምትሕስሳብ ኣኼብኡ ዛዚሙ።

ቅኑዕ መስመርን ሓፋሽን ሒዝና፡
ጽንኩራት መድረኻት ብምስጋር ክንዕወት ኢና!!

ዘለኣለማዊ ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትና!

ማ/ሸማግለ ሰውራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ(ሰደግኤ)
11 ሕዳር 2024 ዓ.ም.